ደሞክራስያዊ ግንባር ሓድነት ኤርትራ

DEMOCRATIC FRONT FOR ERITREAN UNITY.

# መሪር ሓዘን ንመላእ ሕብረተሰብ ኤርትራ።

በዚ ኣብ ሃገርና ወሪዱ ዘሎ ከቢድ ህግደፋዊ ጭቆና ምኽንያት ህዝብታትና ብፍላይ ድማ ተቐባላይ ሕድሪ ዝኾነ መንእሰይ ሃገሩ ራሕሪሑ ምፍጣሩ ኣጽሊእዎ ንብርሰትን ትፍኣትን ቀለብ ዓሳታትን ኣራዊት በረኻን ካብ ዝኸውን ዓመታት ኣቝጺሩ ምህላዉ ናይ ዕዳጋ ምስጢር እዩ።
መቐጸልታ ናቱ ድማ ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን 335 ዝኾኑ ኤርትራውያ ኣሓትናን ኣሕዋትና ኣብ ማእከላይ ባሕሪ ብዘሕዝን ጃምላዊ ህልቂት ከም ዝሃለቁ ክፍለጥ ተኻኢሉ ኣሎ።
እዚ ኣብ ወለድናን መእሰያትናን ህጻውንትናን ሃገርናን ወሪዱ ዘሎ መሪር ጃምላዊ ሓዘን ተኻፊልትን ሓዘንትን ምኻና ነራጋግጽ።
ንመላእ ስድራቤቶም ብፍላይ፡ ንኹሉ ደላይ ለውጢ ዝኾነ ሕብረተሰብና ድማ ብሓፈሻ ጽንዓት ይሃብኩም ይሃበና ንብል።

እቲ ልኡል ኣምላኽ ኣብ ዝፋኑ ይቀበሎም።
ክብርን ዝኽርን ንኹሎም ሰማእታትና።

ኣባላት ደሞክራስያዊ ግንባር ሓድነት ኤርትራ (ደግሓኤ)
ጨናፍር ኤውሮፓ።